ዲሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ - ሳግም   الجبهة الديمقراطية الإرترية — ساقم

ERITREAN DEMOCRATIC FRONT - SAGEM

# መድረኻዊ ብድሆታት

## ካልኣይ ክፋል

<u>ግዳማዊ ብድሆታት</u>

ግዳማዊ ብድሆታትን መዋጥሮታትን ኤርትራ ብቐንዱ ምስቲ ኤርትራ ዝሓለፈቶ ሕሱም መግዛእቲን ናይ ዞና ሓይልታት ኣብ እዚ ክሳዳዊ ቦታዚ ዘለዎም ጠመተን ዝጸወቱዎ ዓንቃፊ ረቛሒታትን ብሓፈሻ ዝተኣሳሰረ ክኸውን እንከሎ፥ ኤርትራ ምስ ጎረባብታ ዝተነጸረ ናይ ሰናይ ጉርብትና ዝምድና ንኸይተማዕብል ዝዕንቅፍ ግዳማዊ ወስታታትን ላሕኩታትን የጠቓልል። ኤርትራ ብኽልተ ውሽጣዊ ርግኣት ዘይብለን ሃገራት ተኸቢባ ብምህላዋ፥ ናይ እተን ሃገራት ዘይርግኣት ብዝተፈላለየ መልክዓት ክትንክፉ ጸኒሑን ኣሎን።

ኣብ እዚ መድረኽዚ እቲ ንኤርትራ ኣዝዩ ጠዊቑ ሒዙዋ ዘሎ ግዳማዊ ጉዳይ - ጉዳይ ዶብ እዩ። ድሕሪ መዘና ዘይብሉ ህልከትን ዕንወትን ህልቀትን፥ ሕጋዊ መዕለቢ ተገይሩሉ ከብቅዕ፥ ስርዓት ኢትዮጲያ ነቲ ከም ናይ መወዳእታን ቀያድን ልዕሊ ኩሉ ዝደፋኣሉን፥ ኣብ ቅድሚ ኣህጉራዊ ውሕስነት ዝፈረመሉን፥ ድሕሪ ምውሳኑ ድማ ብጨብጨባ ዝተቐበሎ ሕጋዊ ውሳኔ ኮሚሽን ዶብ፥ ተገምጢሉ ብምንጻግ ንዞናና ብሓፈሻ ንኤርትራ ክኣ ብፍላይ ኣብ ኣይሰላም ኣይውግእ ሂወት ንኽትነብር ኣገዲዱ ይርከብ።

ስርዓት ኢትዮጲያ ድሕሪ ናይ ዳርጋ ዓመትን ፈረቓን ሾንኮለል ንናይ ወጻኢ ናይ ሓገዝ ምንጭታት ሃልኪ "ብመትከል" ተቐቢለዮ ግን "ብዘተ ክመሓየሽ" ዝትሕዝቶኡ፥ ናይ "ሰላም" እማመ ዝሽሙ ናይ ሾንኮለል ስትራተጂ ከም ቅድመ-ኩነት ብምቕራብ ንዞናና ብሓፈሻ ንኣህዛብ ክልቲኣን ሃገራት ክኣ ብፍላይ ንናይ ውግእን ዳግመ-ህልቀትን ሓደጋታት ኣሳጢሑዎም ይርከብ።

እቲ ናይ ሽንኮለል ኢትዮጲያዊ ስትራተጂ ከም ቀዳማይ ዝሰርዖ ጉዳይ "መሰረታዊ ጠንቂ" ናይቲ ሽግር ብዘተ ክፈትሕ ዝደሊ መሲሉ ይቐርብ። እዚ ንምድህላል ተባሂሉ ዝቐረበ ነጥቢ፥ ነቲ ኣብ ኣጠቓላሊ ናይ ሰላም ውዑል ኤርትራን ኢትዮጲያን - <u>ጠንቂ ናይቲ ውግእ እተጽንዕ ኮሚሽን ምቛም</u> ዝብል ስምምዕ ከመይ ጌሩ ረሲዑዎ? ኣብ ክንዲ ንዝፈረመሉ ውዕልን ስምምዕን ምኽባርን፥ ኣብ ክንዲ ብመሰረት እቲ ውዑልን ዓለምለኻዊ ሕግን ዘቖሞ ኮምሽን ዶብ ዝበየኖ ሕጋዊ ውሳኔ ምትግባርን ናብ ቀጻሊ ውሕስነት ዘለዎ ናይ ልዝብን ዘተን መስርሕ ምእታው፥ ንዝተሰማማዓሉ ውዑላት ነጺጉ፥ ብስም ዘተ ኣብ ህልኽን ሽንኮለልን ምእታው ስለምንታይ?

ንቡር ዝምድና ናይ ክልተ ነጻን ልዑላውያንን ኤርትራን ኢትዮጲያን ቀልጢፉ ክረጋገጽ ሃረርታ ክልቲኡ ህዝብታት እዩ። እዚ ክኣ ብምትግባር ኣህጉራዊ ውዑላትን ስምምዓትን ኣቢሉ ዝረጋገጽ ምክብባርን፡ ዝስዕብ ዘተን ልዝብን ምዃኑ ርዱእ እዩ። ዘተን ምሕንጻጽ ዶብን ግን ፈጺሙ ርክብ የብሉን። ከመይ እቲ ጉዳይ ብመሰረት እቲ ውዑልን ኣህጉራዊ ሕግን ውዱእ ስለዝኾነ። ድሕሪ ቀያድን ናይ መወዳእታን ፍርዲ ናብ ዘተ ክምለስ ስለዘይክእል።

ንዶብ ብዝምልከት ብመሰረት ውዑልን ኣህጉራዊ ሕግን ቀያድን ናይ መወዳእታን ፍርዲ ተዋሂቡ፡ ናይ ምምልካት ስራሕ ተወዲኡ ኢዩ። እቲ ብደቂቕን ብምልኣትን ዝተመልከተ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጲያን ኣዕኑድ ናይ ምትካል ስራሕ ጥራሕ እዩ ተሪፉዎ ዘሎ። ነቲ ተሪፉ ዘሎ ናይ መወዳእታ ዕማም ምሕንጻጽ ዶብ፡ ክልቲኦን ሃገራት ብመሰረት ዝኸተማሉ ስምምዕ ኩሉ እቲ ካብኦን ዝጥለብ ከማልኣን ምስ ኮምሽን ዶብ ብምልኣት ክተሓባበራን ዓለም ብዓለሙ ይጽወዕ ኣሎ።

እቶም ንኣጠቓላሊ ናይ ሰላም ውዑልን ናይ ኮምሽን ዶብ ውሳኔ ውሕስነት ዝሃቡ ኣህጉራዊ ኣካላትን ትካላትን ሓላፍነቶም ብተግባር ክትርጉሙ ይግባእ። ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ንጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጲያን ብዝምልከት ዝወሰዶ ተደጋጋሚ ውሳኔታት ነቲ ቀያድን ናይ መወዳእታን ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ብዘይ ምድንጓይ ክትግበር ምጽውዑ ዝነኣድ ኮይኑ፡ ነቶም ንህዝቦም ህገሮምን ናብ ህልቀታዊ ውግእ ክእትውዎ ሸኽፍ ዘይብሎም መራሕቲ ብማዕዶ መጸዋዕታ ጥራሕ እኹል ኣይኮነን። ንሰላምን ርግኣትን ዞናናን፡ ንድሕነት እቲ ብሰንኪ ህልቀታዊ ውግእ ደሙ ዘይነቐጸ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጲያን ግብራዊ ሕጋዊ ስጉምቲ ክውስዱ ኣለዎም። ሕጋዊ ውሳኔ ንዝነጸገን ዝሓንገደን ብኣህጉራዊ ሕጊ ንክምእዘዝ፡ እቲ ኣብ ምድሓን ካልኦት ህዝብታት ክጥቀሙሉ ዝጸንሑን ዝጥቀሙሉ ዘለውን ኣድማዒ መሳርሒታት ክጥቀሙ፡ ህዝቢ ኤርትራን መላእ ደላይ ሰላም ሕ/ሰብ ዓለምን ብጥብቂ የማሕጽኑ ኣለው።

እቲ ኣብ መስርሕ ምሕንጻጽ ክንንፍ ዝኽእል ተክኒካዊ ጸገማት እናተባህለ ዝዝረበሉ ጉዳይ እንተኾይኑ፡ ኣብቲ ስምምዕ ካብ ቀደሙ ዝተወድአ እዩ። ኮሚሽን ዶብ ብመሰረት ውሳኔኡ ብምልኣት ንዘመልከቶ ዶብ፡ ኣብ መሬት ክሕንጽጽ ምሉእ ስልጣን ተዋሂቡዎስ፡ ስርሑ ንምጅማር ደጋጊሙ ጸዊዑ እዩ። ተክኒካዊ ሽግራት ኣለኒ ኣይበለን። እቲ “ንዘጋጥም ተክኒካዊ ሽግራት ንምፍታሕ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ዘተ ክግበር” ዝበሃል ዘሎ እምበኣር፡ ነቲ ብኮሚሽን ዶብ ዝተመልከተ ዝረገአ ውዱእ ውሳኔ ብስም ምምሕያሽ ንምቕያሩ ዝዓለመ፡ መጀመሪያን መወዳእታን ዘይብሉ፡ ሓደገይና ናይ ሾንኮለል መደብ እዩ።

ብኻልእ መዳይ ገለ ንኤርትራ ዝሓልዩ፡ ኤርትራ ዝዓበየ ቦታታት ተወሲዱዋ ስለዘሎ፡ ናብ ዘተ ብምእታው ነቲ ውሳኔ ምምሕያሽ ክግበረሉ ዝደልዩ ክህልው ይኽእሉ። ብርግጽ በዚ ውሳኔ እዚ ገለ ቦታታት ኤርትራ ንኤትዮጲያ፡ ገለ ቦታታት ኢትዮጲያ ክኣ ንኤርትራ ኮይኑሎ። እቲ ፍሉጥ ኢርትራዊ ቦታታት ናብ ኢትዮጲያ ምኻዱ ንኤርትራዊ ክስምዖ ግደን እዩ።

ይኹንእምበር፡ ብመሰረት እቲ ውዑልን እቲ ቀያዲ ናይ ብይን መስርሕን፡ ድሕሪ ብቐላይ ደም ዝተሓጽበ ምድማይ፡ እቲ ንኽልቲአን ሃገራት ብሰላም ከገላግል ዝኽእል መስርሕ ንድሕሪት ክምለስ ዘይክኣል ጉዳይ እዩ።

ንድሕሪት ክምለስ ከምዘይክእል እናፈለጡ፡ ገለ መራሕቲ ናይ ተቓውሞ ነቲ ብግሁድ “ብሸፋን ዘተ” ንድሕሪት ክመልሶ ህርድግ ዝብል ዘሎ ናይ ስርዓት ኢትዮጲያ ናይ ሾንኮለል እማመ ኣብ ምምራቕን ኣብ ምድጋፍን ስለምንታይ ተጓይዮም? እቲ ናይ ኢትዮጲያ “ዘተ” ዝሽሙ ናይ ሸንኮለል መደብን እቲ ናብ ኢትዮጲያ ተባሂሉ ዘሎ መሬትን ዝምድና የብሉን። ምኽንያቱ መራሕቲ ስርዓት ኢትዮጲያ ኣብ እንታይን ኣብ ኣየናይ ክፍሊ ናይቲ ዶብን ዘተ ይብሉ ከምዘለው ብሩህ እንከሎ፡ ስለምንታይ ነዚ ናይ ኢትዮጲያ ናይ ሸንኮለለ መደብ ክሕንገጥዎ መሪጾም? ኣብ ጉዳዮም፡ ጉዳይ ህዝቦምን ሃገሮምን፡ ጉዳይ ምሕንጻጽ ዶብ ዝዓበየ ብድሆ ናይ እዚ መድረኽ እዚ ምኳኑ ከመይ ገይሩ ተሰዊሩዎም?

ኣብ እዚ መድረኽ እዚ ካብ ዘለው ዓበይቲ ግዳማዊ ብድሆታት ሓደ ጉዳይ ምሕንጻጽ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጲያን እዩ። ጉዳይ ምሕንጻጽ ዶብ ብዝቐልጠፈ ክፍጸም፡ ልዕሊ ኩሉ ከኣ ኣብ እቲ ቀያድን ናይ መወዳእታን ሕጋዊ ውሳኔ ዝተዋህቦን፡ ብምልኣት ዝተመልከተን ዶብ፡ ዳግም ውግእ ንኸይባራዕ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋን ኣካላትን ምንቅስቓሳትን ውድባትን ንልዑላውነት ሃገረ-ኤርትራን ንድሕነት ህዝቢ ኤርትራን ብሓደ ድምጽን ቅልጽምን ክቃለሱሉ ናይ እዚ መድረኽ እዚ ዓቢ ሃገራዊ ሓላፍነትን ግቡእን እዩ። ስርዓት ኢትዮጲያ ብዘይ ውዓል ሕደር ንዝኸተመሉ ውዑል ከኽብርን ንውሳኔ ኮምሽን ዶብ ብምልኣት ክቕበልን ክትግብርን ክጽውዑ ጥራሕ ዘይኮነስ ብዘይምስልካይ ክቃለሱ ንጽውዕ።

ክልቲአን ሃገራት ብምኽንያት ዶብ ንዳግም ህልቀት ዝዕድም ወስታታትን፡ ናይ ሰራዊት ምእካብን፡ ንሰላምን ርግኣትን ክልቲኡ ህዝብታት ምህዳድን ኣቋሪጸን፡ ንዝፈረመኦ ውዕላትን ንዝተበጽሐ ውሳኔታትን ክምእዘዛን ምስ ኮምሽን ዶብ ብምልኣት ክተሓባበራን ድማ ነማሕጽን።

ይቕጽል

Email: Saghm82@yahoo.com